# የካቲት 11 ዝማዓልትኺ

ብዙሓት ጀጋኑ ሂወቶም ሂቦሙኺ
ብደሞም ዓወት ሓፊስኪ
ሕጂ ውን አለና እንተድሊናኪ
ቀያሕትን ጸለምትን
ነዋሕትን ሓጸርትን
ተባዕትዮን አንስትዮን
አረግቶትን ቆልዑን
ጎቦን ሸንጥሮን
ቆላን ዶግዓን
ኩሉ ሰሚሩልኪ
ጸላእትኺ አምኪንኪ
ንሰላምን ምዕባለን በጺሕኪ

ጸላእትኺ አብ ማእዶ ኮይኖም
ከም ከልቢ ውሕ ውሕ ምባሎም
ደቂ ሰብ ምኟኖም ጠፊኡዎም
ስዕረቶም ምቕባል አብዩዎም
ኮይኑዎም ተበቲኹዎም
ሓፊሮም መምለሲኡ ጠፊኡዎም
ሕጂ'ማ ከም ጥረ ጣዕሚ ተሳኢኑዎም

ንሕና ውን ሃፊርና
ከምዚ ኦም ዝበለ ዘጋ'ውን ዶ አለና?
መልሓሶም ዝበልዑ
ከም ማዕጺድ ጎባጣት ዘይቐንዑ
ንኽብዶም ጥራሕ ከም ቆልዑ

እምባአርከስ አጆኺ አለናልኪ
ሂዎትና ውን  ብቐደሙ ናትኪ
ይኽረታ አርሒቕና ወሲድናልኪ
ምሓሸ ነይሩ አብ ቀረባ ከምጸናሕናልኪ
ሕጂ ውን አይሰነፍናን ቃልኪ ንነግረልኪ
እምባአር ደስ ኢሉና ብልደትኪ

ደስ ይበልኪ ደስ ኢሉና
ዘልአለማዊ ኽብሪ ውን ኩሉሻብ ንስዉአትና
ከምዚ ንዓመታ ውን ንኹልና የዕቖረና
ዕንወት ድማ ይኹን ንጸላእትና
ምእንቲ ራህዋን ሰላምን ክኾነልና ንኹልና
እምባአርከስ ወይን ስለ ኹሉ የቐንየልና
ሹምኪን ቅያኺን ክንነግር ንደቂ ደቅና
ዒም ዝበለ ይታሓጎም ብአኺ እዩ እምነትና
ቃል ንአቱ ምንም ዝኹርኩሕ ከምዘየብልና
ከምቶም ዝሓለፉ ውን ክምዘይዕጸፍ ቃልና
ዓውዲ ዪበርክት ኢልና አለና

ዘል አለማዊ ወያነ ብዘይስኽፍታ!
**ያሲን ተኽላይ**